*ስርዓት ህግደፍ፡ ካብ ሳዋ 'ኮብሊልኩም' ብዝብል ምኽንያት ኣብዚ ሰሙን'ዚ ካብ ኣስመራ ዝለቐምም ካብ 21 ክሳብ 25 ዝዕድሚኦም 25 ዕሸላት መንእሰያት ከም ገላዩ በብጽምዲ ብሰንሰለት ኣሲሩ ብመኪና ናብ ማሕቡር ናብ ከረን ገጹ ከግዕዞም ከሎ፡ እታ ዝጓዓዙላ ዝነበሩ ናይ ጽዕነት መኪና ስለዝጸደፈት ኩሎም ብዘይ መላሲ ኣውያት ብሓንሳብ ከምዝሃለቑ ምንጬታት ካብ ኣስመራ ሓቢሮም ።*

*እቲ ግፍዐኛ ስርዓት፡ ገበኑ ምእንቲ ክሓብእን ኣመል ኢሰብኣውነቱ ከይተርፎን፡ ንሬሳ ናይቶም ከካብ ገዝኦም ዝለቐምም ንጹሃት መንእሰያት ንቤተሰቦም ኣብ ክንዲ ምርካብ ኣብቲ ዝጸደፉሉ ቦታ ኣብ ጋህሲ ከምዝቐበሮም እቶም ምንጬታት ብተወሳኺ ሓቢሮም።*

*ስርዓት ህግደፍ፡ 20 ሰነ መዓልቲ ስዉኣት ኣመኽንዩ፡ 'ብዛዕባ ህይወትን መስዋኣትን ኤርትራውያን በቲ መሳርሒ ፕሮፖጋንዳ ዝኾነ ማዕከናት ዜናኡ ንብዓት ሓርገጽ ብምንባዕ ህዝቢ ንምትላል ክፍትን ኳ እንተቐነየ፡ ኣብ ቅነ ሰማእታት ባዕሉ 25 ንጹሃት መንእሰያት ምቕታሉ፡ ናይ ስልጥኑ ኣምበር ናይ ኤርታርውያን ቅንታብ ተገዳስነት ከምዘይብሉ ደጊሙ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ኣብነት እዩ።*